# ጥርዓን ሩባታት

መልሓስ እናለፍለፈ፣
ቀላፅም እናተወናጨፈ፣
ሰርወ ደም ተገቲሩ፣
ጭዋዳታት ተወጢሩ፣

ዝወረደ ርግማን፣
ዝቐረበ ጥርዓን፣
ዝተሰምዐ አውያት፣
ዝፈሰሰ ንብዓት፣
ዝተባህለ ምዓት፣

ብጣና በለስ - ተከዘ - ግልግል ግቤ ዘይሩ፣
ነቲ ዋይት ሃውስ መዕለቐለቕ ነይሩ።

ትማሊ ሎሚ ፅባሕ ዘለው አውያት እናሸጡ፣
ካብ ርሑቕ ዝነብሕ -ከምዘይናኽስ- ኮይኖም ዝይፈለጡ።

ስለሺ ጋረድ

Tttt